ኪዳነ ገብረኣብ (ወዲ-ቐሺ) መን ኢዩ?

ተጋዳላይ ኪዳነ ገብረኣብ ብ1963 ዓ.ም. ኣብ መንደፈራ ተወሊዱ፥ ትምህርቲ መባእታን ማእከላይ ደረጃን ኣብ ቤት-ትምህርቲ መንደፈራ ምስ ተማህረ ከሎ፡ ብ1978 ዓ.ም ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ ናብ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ተሰለፈ። ኣብ ክፍሊ ታዕሊም ወተሃደራውን ፖለቲካውን ትምህርቲ ድሕሪ ምቅሳሙ ድማ ናብ ክፍሊ ስለያ (72) ተመዲቡ ከም ኦፐሬተር ገድሉ ጀመረ።

ኪዳነ ወዲ ቀሺ ህርኩትን በሊሕን፡ ብስለቱ ንዕድሚኡ ዝቕድም ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ መራሒ መስርዕ ኦፐሬተራት ኰይኑ፡ ንኡድ ኣብነት ነቶም ከምኡ ዝኣመሰሉ ፈተውራሪ ኰነ። ብዘይካ'ዚ ክቱር ናይ ትምህርቲ ህርፋን ስለ ዝነበሮ፡ ኣብ ትርፊ ግዜኡ መጽሓፍቲ እናኣንበበ ፍልጠት ደለበ። ከምቲ ናቲ ናይ ትምህርቲ ዕድል ዘይረኸቡ ብጾቱ ብምትብባዕ ከኣ ከምኡ ንኺመስሉ ተቓለሰ።

ወዲ ቀሺ፡ ነዊሕ ከይጸንሐ፡ ሓላፊ ስታፍ ምልክት ክፍሊ ስለያ ኰይኑ፡ ነቶም ናብ ኩለን ዞባታት ፋሕ ኢሎም፡ ብራድዮ ኩነታት ጸላኢ በብደቒቁ ዝከታተሉን፡ በብእዋኑ ኪበጽሕ ዝድለ መልእኽትን ሓበሬታን ኣማሊኦም ናብ ማእከላይ ክፍሊ ስለያ ዘማሓላልፉ፤ ብጻዕቂ ስራሕ ለይትን መዓልትን ዝላገብኦም ዝነበሩ ዘይሕለሉ ኦፐሬተራት ብልዑል ተወፋይነትን ሞራልን ዝመርሐን ዝኣለየን፡ ልዕሊ ዕድሜኡ ዘበርከተ ተባዕ ጅግና ተጋዳላይ ኢዩ።

ድሕሪ ነጻነት ናብ ክፍሊ ስለያ ተዋፊሩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ናብ ጠቕላሊ ኦዲት ተቐየረ። ኣብ'ዚ ኣሃዱ ብደረጃ ሓላፍነት ተመዲቡ፡ ብሓደ ሸንኽ መንግስታዊ ስርሑ እናኣማልአ፡ በቲ ሓደ ሸንኽ ድማ ናይ 2ይ ደረጃ ትምህርቱ ወዲኡ፤ ኣብ መወዳእታ ከኣ ናብ ዩኒቨርሲቲ ቀጺሉ፡ ድሕሪ ናይ 7 ዓመታት ምሸታዊ ትምህርቲ፡ ብእስታተስቲክስ ብባችለር ዲግሪ መዓርግ ተመረቐ።

ተጋዳላይ ኪዳነ ካብቲ ዝተመደበሉ ሐድሽ ስራሕ፡ ኣብ ስርሓት ስለያ የድምዕ ኢዩ ተባሂሉ ናብ ሃገራዊ ድሕነት ተሳሒቡ፡ ጸሓፊ ክፍሊ መጽናዕትን ምርምርን ኰይኑ ኣገልግሎቱ ቀጸለ። ከም ወትሩ ድማ ብዘይሕለል መንፈስን፡ ጽኑዕ ዲሲፕልንን፡ ምስቶም ንነዊሕ ዓመታት ምስኡ ዝሰርሑን ዝተቓለሱን፡ መጋድልቱን መተዓብይቱን፥ ብልጽግትን፡ ሕግን ፍትሕን ዝነገሳ ሃገር ንምህናጽ እናተጓዕዘ እንከሎ፡ ከም ኩሉ ዝተቃለሰን፡ ጽቡቅ ሃገሩ ዝደለየን ዝተመነየን፡ ግዳይ ናይዚ ስርዓት ኮይኑ፡ ኣብ 2001 ዓ.ም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ መንግስቲ ከም ዝኣቱ ተገይሩ።

ሎሚ፡ ምስኡ ኣብ ገድሊ ዝዓበዩ መሳቱኡ ተጋደልቲ፡ ንወዲ-ቀሺ ብክልተ ዝድነቓ ባህርያቱ ይዝክርዎ። ቀዳማይ፡ ወዲ-ቀሺ ኣብ ንእስነቱ ከም ፈተውራሪ ተሰሊፉ ከብቅዕ፡ ነዊሕ ከይጽንሐ ሓልፍነት ኣብ ርእሲ ሓልፍነት ስለ ዝደረበ፡ ንዕድሚኡን ትምህርቱን ዝፍትን ከቢድ ጾር እኳ እንተነበረ፡ ንእስነት ከየዘንግዖ፡ ሓልፍነት ከይከበዶ፡ ባህርያቱ ከይለወጠ፡ ዝምድንኡ ምስ ብጾቱ ዓቂቡ፡ ለይትን መዓልትን እናሰርሐ፡ ተስፋን ሓበንን ናይ ፈትውራሪ ተጋደልቲ ከም ዝነበረ የልዕሉ። ነዚ ክእለት እዚ ብዋዛን ጸወታን እናሰነየ፡ ንጽንኩር ኩነታት ዘፋኹስ፡ ሞራል ተጋደልቲ ዝድርኽ፡ ሓብሓቢ ብጾቱ ስለ ዝነበረ ከኣ የድንቕዎ።

ካልኣይ፣ እቲ ዝነበሮ ዘይረዊ ጽምኢ ትምህርቲ እዩ። ከምኡ ስለ ዝነበረ፣ ካብ መጽሓፍቲ ከይተፈልየ፣ ለይቲ ብብርሃን ቀንዴል ወይ መጋሪያ ሓዊ እናኣንበበ፣ ኩሉ ጎድናዊ ፍልጠት ደለበ፤ ኣካይድኡ ድማ ብህርኾትናን ድሌትን ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ብፍልጠት ውን ይምራሕ ነይሩዩ። ድሕሪ ናጽነት ወላኳ ተጋደልቲ ንከይማሃሩ ዝተፈላለየ ዕንቅፋትታት እንተተፈጥረ፣ ወዲ ቀሺ ግን ኻኹሉ ሰጊሩ፣ ብናይ ቀዳማይ ድግሪ ዝተመረቐ ሓደ ካብቶም ውሑዳት ተጋደልቲ እዩ።

ክቡር ህዝብና፣

ኪዳነ ወዲ ቀሺ፣ ኣብ ገድሊ ዝዓበየ፣ ኣብ ቃልሲ ዝተማህረ፣ ኣብ ጸገም ዝበልሐ፣ ከይንኣሰ ዝበሰለ፣ ኣሰር ናይቶም ዝሓለፉ ኣትኵሩ ዝኽተል፥ እንትርፎ ናይ ሓባር ኤርትራን፣ ናይ ሓባር ራህዋን ቅሳነትን፣ ናይ ውልቁ ዘይሓስብ፣ ሰውራ ዝመልመሎ ፊተውራሪ እዩ። መንቀሊ ሓሳባቱ፣ እቲ ኣብ ገድሊ ዝሰረቶ ሃብታም ሓባራዊ ባህሊ ስለ ዝኾነ፣ ንዝረኣዮ ጉድለት ምእራም፣ ንዝተጋገየ ምንቃፍ ንዕኡ ንቡር ኢዩ። ንስርዓት ናይ ሃገርና ግን ንቡር ኣይኮነን ጥራሕ ዘይኮነስ ገበን እውን ኢዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ፣ ንጹህ ፊተውራሪ ተጋዳላይ ኪዳነ ወዲ-ቀሺ፣ ኣብ ጽምዋ ሰብ ኣብዘይረኽበሉ ጸምጸም፣ ብዘይተፍልጠ መኽንያት ተዳጕኑ ኣሎ። ስለዚ ክቡር ህዝብና፣ ብፍላይ ከኣ እቶም ዘዕ ቤኹምዎ ነባራት ተጋደልቲ፣ ናይ ወዲ ቀሺ ምድጓን፣ ነቲ ዝኾስኰስኩሞ ፍረ-ቃልስኩም ምምሓው ማለት እዩ ሞ፣ ሃየ ደኣ “እቲ ፍተውራሪ ኣበይ ኣበለ?” በሉ። ንሱ መቐጸልታ ናይቲ ሰንሰለት፥ ንሱ ተካኢ ሓድሽካ ስለ ዝኾነ።